# ዘሐጐስ ዜና ካብ መንደፈራ

ሎሚ መዓልቲ፡ 20 መጋቢት 2016 ኣብ ገዳምና መንደፈራ ዓቢይ በዓል ተባዕለ። ንሱ ከኣ ሓደ እዚ ንዓሰርተታት ኣማኢት ዝኾኑ፡ ኣብ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ፋሕ ኢሎም ዝርከቡ ዘሎዉ ኤርትራውያን፡ ብመንፈስን ብኣካዳምን ተኹስኪሶም ዝዓበይሉ ገዳም፡ ተሃኒጹ ካብ ዝምረቐ ወርቃዊ ኢዮቤሉ (1966-2016) ኢዩ። ካልኣይ ከኣ ኣባ ፋብያኖ ኣልፋይን ኣባ ፕሮታዝዮ ደልፊንን ዝበሃሉ ኣኅዋት፡ ወርቃዊ ኢዮቤል ዝኽሪ ክህነቶም ኢዩ። ንሶም ኣብ ዕለተ ምርቓ ሕንጻ ገዳም መንደፈራ፡ ማለት 20 መጋቢት 1966 መዓርገ ክህነት ተቐበሉ።



ነዚ ዕለት'ዚ ንምኽባር፡ ብድሮኡ ሓያሎ ኣኅዋት ካብ ዝተፈላለየ ቦታ ሃገርና መጹ። ንጽባሒቱ፡ ድሙቕ ዝኾነ ስባሔ ዘሌሊት ገበርና። ነዚ እናገበርና ከሎና፡ ብዙሓት ኣኅዋት ካብ ኣሥመራ ኣንጊሆም ተጸንበሩና። ውፉያትን ምእመናን መንደፈራን ከምኡ'ውን ቤተሰብ ወርቃዊ ክህነቶም ዘኽብሩ ዘሎዉ ክልተ ኣኅዋትን ምስ ተኣኻኸቡ፡ ሰዓት 6፡30 ቅ. ቀ. መስዋዕቲ ቅዳሴ በጉባሬ ጀመረ። ቍጽሪ ቀዳስያን 20 ነበረ።



መዘምራን ፍራቲንን ደቂ ደናግልን

ናይ ዕለቱ ቃል ኣምላኽ ዘስምዑ፡ ኀው ተስፋዝጊ ምሕረትኣብ፡ ምኽትል ላእከ ሰበኻ፡ እዮም። ንሶም ብዛዕባ ዓመተ ምሕረትን ዕቤት ኣገልግሎት መዓርገ ክህነትን ከነስተንትን ኣተሓሳሰቡና።

ድሕሪ ቅዳሴ፡ ኲሉ ቅዳሴ ዝተሳተፈ፡ ብዑደት መልክዕ ናብ ውሽጢ ገዳም ኣተው'ሞ፡ ብገዳም ዝተሰናደወ ቍርሲ ቆረሰ። ኣደታት ዓለማዊ ፍራንቸስካዊ ማኅበር መንደፈራ፡ መደብ ቡን ገይረን፡ ንወልፊ ቡን ዝነበሮም ዝኾኑ ክሳብ ደረጃ ዝበጽሖ ጥዑም ቡን ኣስተያና።



ናይ ድሕሪ ቅዳሴ ሓባራዊ ስእሊ

**ድሕሪኡ ዝቐጸለ መደብ ሰዓት ምሳሕ ኢዩ። ኩሉ ዕዱም ምስ ተኣከበ፡ ሰዓት 12፡45 ምሳሕ ኣቶና። ኣባ መድኀኔ ገ/እግዚኣብሔር ጸሎተ መኣዲ ኣገበሩና'ሞ ጥዑም ምሳሕ ተመሳሕና። ኩሉ ምስ ተመገበ፡ ቅድሚ መዕጸዊ መኣዲ ጸሎት፡ ሓያሎ ዓበይትን ናእሽቱ ኣኅዋት፡ ብዛዕባ ዝኽርታት ከቢድ ስራሕ ህንጻ መንደፈራ ኣውኪኦም፡ ገዛ ኩላትና ዝኾነት ሕንጻ፡ ኣብዚ ዝኽሪ ኢዮቤላ ከነዔርያን ክንጽግናን ሓደ ነገር ንግበር። ከመይ ኩነታት ህንጻ ኣብ ዘሰክፍ ኩነታት ይርከብ ከምዘሎ፡ ማንም ብቐሊሉ ዘስተብህሎ'ዩ በሉ።**



**መዘምራን ምስ ኣቦታት ኣባ ፋብያኖን ኣባ ፕሮታዝዮን**


**ብኀነው ሉቃስ ባርዛኖ ዝተዋህባ 2 መስቀል**

ኣብ መጨረሽታ ተመሃርትና ፍራቲኒ፡ ብቛንቛ እንግሊዝን ትግርኛን፡ መልእኽቲ ሓዘል ግጥሚ ድሕሪኡ ከኣ፡ ወረብ ገበሩ። ድሕሪኡ መኣድና ሰዓት 2:30 ድ.ቀ. ብጸሎት ተደምደመ።



ኣብ በዓል ዝተሳተፉ ገሊኦም ተማሃርቲ ገጀረት